ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክሲዮን ማሕበር፤ ኣብ ዳዕሮ ሓወልቲ ክ/ከተማ መቐለ B+G+10ንዓማዊል ንምርካብ መሉእ ናይ ሳኒተሪ ሰራሕቲ ክሳብ ፊቲንግ ምግጣም ክነስርሕ ሰለዝደለና

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥቅምቲ 23, 2019 (6 መዓልቲ ገይሩ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 28, 2019 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:40000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:400
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 28, 2019 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ሰራሕቲ ሳኒተሪ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክስዮን ማሕበር ኣብ ትግራይ ዘሎ ናይ መንበሪ ገዛን መስርሒ ቦታን ፀገማት ንምፍታሕን ነቲ ትሑት ኣታዊ ዘለዎ ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊ ማእኸል ገይራ ኣብ ምንቅስቓስ እትርከብ ትካል እያ።በዚ መሰረት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣክሲዮን ማሕበር፤ ኣብ ዳዕሮ ሓወልቲ ክ/ከተማ መቐለ B+G+10ንዓማዊል ንምርካብ መሉእ ናይ ሳኒተሪ ሰራሕቲ ክሳብ ፊቲንግ ምግጣም ክነስርሕ ሰለዝደለና ነዞም ዝስዕቡ ረኽሓታት ተማልኡ ፍቓድ ዘለኩም ተጫረቲክትሳተፉ ንዕድም።

1. ናይ 2018 ዓ.ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ፣ናይ ግብሪ ኽፋሊ መፍለይ ቲን፣ ፣ናይ ኮንስትራክሽን ምዝገባ ፍቓድ፣ ብቕዓት መረጋገፂ ባት ምዝገባ ሰርቲፊኬት፣ከቕርብ ዝኽእል።

2. ተጫረቲ ናይ ጨረታመኽበሪ ብር 40,000(ኣርበዓ ሽሕ)(CPO፣ ከቕርብ ይግባእ።

3. ተጫረቲ ናይ ብቕዓት መረጋገፂ ደረጃ ሸሞንተን ልዕሊዉን ዘለኩም ኣብ ተመሳሳሊ ሰራሕቲ ክልተ ፕሮጀክትን ልዕሊኡን ዝሰርሑ::

4. እቲ ሰራሕ ኣብ ክልተ ወርሒ ሰረሑ ክውድእ ዝኽእል።

5. ናይቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝተሓተ ዋጋ ዘእተወ ይኸውን።

6. ድሌት ዘለኩም ተጫረቲ ዘይምለስ ብር 400(ኣርባዕተ ሚኢቲ) ብምኽፋል ናይ ጨረታ ሰነድ ኣብ ቀበሌ 16 ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ዝወሰድ መንገዲ ኣቢሲንያ ባንክ ኣብ ዝርከበሉ ህንፃ 3ይ ደብሪ ብምቕራብ ካብ ዕለት 23/02/2019 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ስዓት ምውሳድ ይካኣል።

7. ተጫረቲ ሓደ ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ፋይናንሻልን ሲፒኦን ዶክመንት ኣብዝተፈላለየ ፖሰታ ብሸምዒብምእሻግ ኣብ ሐደ ዓብይ ፓሰታ ኣሺጎም ብምቕራብ ሙሉእ ኣደራሻ ናይ ድርጅቶም ማህተም ብንፁር ብምግላፅ እቶም ኣብ ቁፅሪ 2 ዝተዘርዘሩ ምስክር ወረቐት ኦርጂናል ዶክመንት ኣብ እዋን ጨረታ ምኽፋት ሒዞም ክመፁ ኣለዎም።

8. ተጫረቲ ዝተማለእ ሰነድ ብምቕራብ ኣብ ቀበሌ 16 ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ዝወሰድ መንገዲ ኣቢሲንያ ባንክ ኣብ ዝርከበሉ ህንፃ 3ይ ደብሪ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቕ ካብ ዕለት 23/02/2019 ክሳብ ዕለት 28/02/2019 ካብ ሰዓት 2:30 ንጉሆ ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ስዓት ምእታው ይኽእሉ።

9. እቲ ጨራታ ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት28/02/2019 ዓ.ም ቕድሚ ቐትሪ 3:30 ተዓሺጉ ሰዓት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

4:00 ቕድሚ ቐትሪ ይኸፈት።

10. ተጫረቲተወሳኺ ሓበሬታ እንተደልዮም ብቐፅሪ ሰልኪ +251938000111,+251938000222 ምድዋል ይከኣል።
11.ትካልና ዝሓሸ መማረፂ ተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና፡- መቐለ ካብ ሮማናት ኣደባባይ ናብ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ዝወስድ መንገዲ ባንኪ ኣቢስንያ ኣብ ዝርከበሉ ህንፃ 3ይ ደብሪ ንርከብ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle